ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ

الجبهة الديمقراطية الثورية الاريترية

ERITREAN REVOLUTIONARY DEMOCRATIC FRONT

# መኽፈቲ ታሪኻዊ 7ይ ውድባዊ ጉባኤ ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ /ሰደግኤ/

17 ለካቲት 2017

ታሪኻዊ 7ይ ውድባዊ ጉባኤ ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ /ሰደግኤ/ ሎሚ 17 ለካቲት 2017 ብዝኸረ ሰማእታት ተጀሚሩ፤ ብዝተፈላለዩ ምድላዋትን መደባትን ደሚቑ ብወግዒ ተኸፊቱ። እዚ ሎሚ ድሕሪ ቀትሪ ብወግዒ ዝተኸፈተ 7ይ ውድባዊ ጉባኤ ሰደግኤ ክሳብ 22 ለካቲት 2017 ክቅጽል ትጽቢ ይግበረሉ።




እዚ ሰፊሕ ቅድመ-ምድላው ዝተካየደሉ 7ይ ውድባዊ ጉባኤ ሰደግኤ “ህዝብን ሃገርን ካብ ሓደጋ ብርሰት ንምድሓን ኣብ ቅኑዓት መትከላዊ መርሆ ዝተሰረተ ልፍንቲ ንምቋም ንቃለስ!!” ፤ “ዘላቒ ረብሓታት ህዝብታትና ንምምላእ ህዝባዊ ደሞክራሲያዊ ዓቕምታት ሰውራና ይጠርነፍ” ፤ “ብሄራውን ሃይማኖታውን ብዙሕነትና- መግለጺ ክብርታትና፣ ደሞክራሲያዊ ሓድነትና- ውሕስነት ስሙር ቀጻልነትናን ምዕባሊናን!!” ፤ “ቅኑዕ መስመርን ሓፋሽን ሒዝና ንጽንኩር መድረኻት ብምስጋር ክንዕወት ኢና!!”፤ “ምሕዝነት ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ንምድልዳል ንቃለስ!!” ኣብ ትሕቲ ዝብል እስትራቴጂካውያን ጭርሖታት ማዕሪጉ፡ ብኤርትራውያን ስነ-ጥበበኛታትን ስነ-ጥበባዊ ፍርያትን እናተዋዘየ'ዩ ተጸንቢሉ።




ኣብዚ ጽንብል'ዚ ወከልቲ መሓዙት ውድባት ኤርትራ ብኣቦ-መንበራትን ላዕለዎት ወከልቶምን ብኣካል ብምስታፍ፤ 7ይ ውድባዊ ጉባኤና ከትኩረሎም ይግባእ ዝበልዎም ኣብ ሓባራዊ ገድላውን ሃገራውን ኣጀንዳታት ኣመልኪቶም ውድባዊ መልእኽትታት የሕሊፎም። ብተመሳሳሊ ኣቐዲሞም ብዝሓዝዎ መደባት ብኣካል ክሳተፉ ዘይከኣሉ ሓይልታት'ውን መግለጺ ደገፎም ሊኢኾም።















ኩሎም መሓዙት ውድባት ኣሰናዳኢት ሽማግለ ንዝገበረትሎም ዕድመ ብምምስጋን 7ይ ውድባዊ ጉባኤ ሰደግኤ ብዓወት ክጽንበል ሰናይ ትምኒቶም ክገልጹ እንከለዉ፤ ንዝተዋህቦም ዕድል ተጠቒሞም ኣብ ዘገድሶም ሃገራዊ ኣጀንዳታት ብጻያዊ ነቐፌታዊ ደገፍ'ውን ኣቕሪቦም።

ኣቦ መንበር ውድብ ብጻይ ብርሃነ የማነ፡ 7ይ ውድባዊ ጉባኤ ዝልዕሎም ሃገራዊ ጉዳያት ኣመልኺቱ ጥሙር መግለጺ ከቕርብ እንከሎ፡ መሓዙት ፖለቲካዊ ውድባት ኤርትራ ኣብ መኽፈቲ 7ይ ውድባዊ ጉባኤ ሰደግኤ ዘቕረብዎ ነቐፌታዊ ደገፍ ኣብ ውሳኔታት ጉባኤና ኣወንታዊ ብጽሒት ክህልዎ ምዃኑ ብምምልካት፡ ምስጋንኡ ኣቕሪቡ።

7ይ ውድባዊ ጉባኤ ሰደግኤ፡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ መዓስከራት ዓዲ-ሓርሽን ማይ ዓይንን ዝቕመጡ ስነ-ጥበበኛታት፡ ንብዙሕነታዊ ክውንነት ህዝቢ ኤርትራ ዘንጸባርቑ፤ ታሪኻዊ ጅግንነታዊ

ገድልታቱ ዝውድሱን መጻኢኡ ንምውሓስ ክወስዶም ዝግብእ ቅንዓት ኣማራጺታት ዝእምቱ ስነ-ጥበባዊ ፍርያት ብምቕራብ ዓብይ ድምቐት ወሲኾሙሉ።




ንጽባሒቲ ሎሚ 18 ለካቲት 2017 ኣንጊሁ፡ ብነጻን ቀጥታዊ ተሳትፎን ኣባላት ጉባኤኛታት 5 ዝኣባላታት ፕረዝደም 7ይ ውድባዊ ጉባኤ መሪጹ፤ ኣብ ትሕቲ ፕረዝደም ጉባኤተኛታት ገድላዊ ዕዮታቶም ንምስልሳል ዘክእሎም ኣገልግሎታት ዝቕርባ፣ ዕማምን ኣወዳድባን ዝተነጸረለን ሽማግለታት መዚዙ። ድሕሪ'ዚ ብቀጥታ ኣብ ስሩዕ ኣጀንዳታት ብምእታው፡ 7ይ ውድባዊ ጉባኤ ሰደግኤ ናይ 3 ዓመትን ፈረቓን ጸብጻብ ማእከላይ ሽማግለ ክሰምዕ፤ ክግምግምን ክካታዕን ዊዒሉ።



7ይ ውድባዊ ጉባኤ ሰደግኤ ኣብ ጽባሕ ወግዓዊ መኽፈቲ ጽንብል፡ ኩሎም ጉባኤተኛታት ዝተሳተፉሉ ናይ ክልተ መዓልቲ ሰሚናር ክካየድ እንከሎ፤ እዚ ሰሚናር ኣብ ኣገደስቲ ኣጀንዳታት ዘትኾረ፣ ዓቕምታት ንምምልላእን ኣብ ምሉእ ሓበሬታዊ ተረድኦ 7ይ ውድባዊ ጉባኤና ዝወስዶም ታሪኻዊ ውሳኔታት ብክንድቲ ትጽቢትን መድረኻዊ ጠለብን ንምብራኽ፡ ንጉባኤተኛታት ምልኣት ፖለቲካዊ ንቕሓት ንምዕጣቕ ዝዓለመ'ዩ። ከም ውጽኢቱ ድማ ኣብ ውሽጢ ክልተ መዓልቲ ዝተካየደ ሰሚናር፡ ኣብ ተዓዋታይነት 7ይ ውባዊ ጉባኤ ሰደግኤ ኣገዳሲ ተራ ክህልዎ ትጽቢት ይግበረሉ።

ሽማግለ ዜናን ስነዳን
7ይ ውድባዊ ጉባኤ
ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግባር ኤርትራ /ሰደግኤ/
18 ለካቲት 2017